## *(ክንዛረብ ክንደይ ግዜ ሎ ትም)*,,

*ነዛ ግጥመይ ኣንቢብኩም ፍረዱ, ንካድራት, ተ,ሓ,ኤ,ን ንካድራት ግ,ን,ባ,ር,ን ፈይ ከብለልኩም, መመክሒ ገርኩምና ያኣኽለኩም።*



*ያኣክል ካብ ቀዳሞት ካብ ዳሕሮዎት, ፍልልያት የብልኩምን, ብጀካ ስልቲ፡ ንደንበ ተቃውሞ ደጋጊመ ዓገብ ክብል, ተሳኒና በሉ ህዝቢ ብደገን ብውሽጥን, ጸረ ጭፍራ ህግደፍ ክቃባበል, ሴፉ ሒዙ ቱታ ክብል, ዘበት ኣብዘይ ሃገርካ የሎን ክብረት, ብዘይ ሐርነት የሎን ቅሳነት, ቅድሚ ስልጣን ናይ ህዝብና ድሕነት፡*

*መተሓሳሰቢት ትኹንኩም እዛ ግጥሚ*<br>*ኣይተማሃርኩምን ዶ ካብ ዓሚ*<br>*ከም ዓሚ ጌጋ ትደግሙ ሎሚ,*

*ንውድባትን ሰልፍታትን ክሐተኩም ዶ*<br>*ናይ ግርጭት ኣፋታትሐ ኣይተማሃርኩን ዶ*<br>*ህዝቢ እንዳ ጠፍኤ ክትሰሐሐቡ ኣብ ባዶ*<br>*ሐላፍነትኩም ከም ዝዘንጋዕኩም ትፈልጡ ዶ,,*<br>*ቃንዛ ህዝቢ ኤርትራ ኣይቃንዛኹምን ዶ,,*

*ኣብ ዘየሎ ስልጣን ሒዙኩም ፍቕሪ,*<br>*ዕምሪ ጉጅለ ህግደፍ ነዊሑ ወዲኡና ቑሪ,*<br>*ንምፍንጫል ዲኹም ተቐቢልኩም ሕድሪ,*

*ንኣባላት ባይቶ በሃልቲ ዓገብ*<br>*ምሳኻትኩም ፍታሕ ዶ, ከይርከብ*<br>*ምምቕቓላት ንግበረሉ ግግደብ*

*ሙሁር እየ በሃሊ ሐቂ ተዛረብ,*

*ሙሁራት ክንዲ ትኾኑ ዓረቕቲ*
*ከይሰራሕኩም ዋላ ሐንቲ*
*ማሕበረይ ማሕበርካ ዘለዎ ስልቲ*
*ዓመታት ሐሊፉ ካብቲ ናብቲ,,*

*ንዓበይትኹም ናእሽትኹም ዓገብ ክብለኩም*
*ዶስ, ኢሰያስ ብውሽጢ ብደገ ንስኻትኩም*
*ንህዝቢ ኤርትራ ክትበታትኑ እዩ ዕላማኹም፡*

*ህዝቢ ኤርትራ መመክሒ ኮይኑ*
*ዓመታት ሐሊፉ ተኣኪብኩም ክትብተኑ*
*ሐደራ ኣብ ዝመጽእ ኣኼባ ክትውስኑ*
*ናይ ስኒት ነጋሪት ህረሙ ህግደፍ ክባታተኑ,*

*(**ክንዛረብ ክንደይ ግዜ ሎ ትም**) ናብ ህግደፍ ዝተጸግዑ ሙሁራት, ንጥፍዓት ህዝቢ ለይትን መዓልትን ይሰርሑ, ናብ ደንበ ተቓውሞ ዝተጸግዑ ሙሁራት ድማ, ገለን ይፍንጥሑ, ገለን ከይሰርሑ ይምክሑ,,*

*ብስራሕካ ዩ, ህዝቢ ዘፍቅረካ, ምስ ሰራሕካ,ዩ, ህዝቢ ዝመርጸካ, ግብርኻ ዩ, ናብ ስልጣን ዘደይበካ, ትርጉም የብሉን ንህዝቢ ከየድሐንካ, ኣብ ስግር ዶብ ኮፍ ኢልካ, ኣብ ዲያስፖራ ተቐሚጥካ, ስልጣን እንተ ሐለምካ,,*

*መሰረታት ውን ተሐተቲ ምኽንኩም ፍለጡ, ካብ ውድብ ናብ ሰልፊ, ናብ ባይቶ, ካብ ባይቶ ናብ ማሕበራት ክትጋላበጡ, ኣድማዒ ስራሕ ከሰራሕና ክሳብ ሎሚ, ኣብ ምርባሕ የሎን ጠቕሚ, ኣብ ምርባሕ ኢስያስ **ዩ, ተጠቃሚ, ንሎሚ ነዚ ይመስል ናተይ ግጥሚ።***

*ዓወት ነት ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ, ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ, ካብ ብ.በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን፡ ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን።*